# ሓንቲ ዓለም

## ጥሜትን ጽጋብን

ይትረፍዶ ጥሜትሲ ጽጋብ እውን እኽእል እየ ዚብል ዘረባ ኣሎ። ጥሜት ምስ ሰፈነ፡ ተኾርሚኻ ይሕለፍ ኢዩ። ንፈጣሪኻ ከይረሳዕካ ማለትዩ። ትልምን፡ ትምህለል፡ ስሕት ኢልካ ድማ ትፈላሰፍ። ጕረቤትካ ኣይጭክነልካን። ምናዳ ኣብ ኣብያተክርስትያንን መሳጊድን ኬድካ ብእተፈላለየ መገዲ ጸገማትካ ምስ እትገልጽ፡ ዝተኸተበልካ ኣይትስእንን።
ጽጋብ ኣሎ ዘይከኣል። ኩፍ ኣየብለካን። ዓለም ትጸበካ። ነተን ዘዕገርግራኺ ዘለዋ ገንዘብ ከይጠረስካየን ድማ ዕረፍቲ ኣይትረክብን። ከምዚ ሓደ ሰብ ከምልሶ ደልዩ ዕርግርግር ይብሎሞ፡ ምስ ተፍአ ደስ ዚብሎ፡ ብገንዘብ ዚመጽእ ጽጋብ ድማ ከምኡ ኢዩ።
ቀደም ኣብ ሽድሽተ ወይ ሸሞንተ ኣሕዋትን ኣሓትን ኣብ መኣዲ ኳንና ክንምሳሕ ከሎና፡ ንመጀመርታ ሃርጐምጐም እናበልና ኢና እንበልዕ። ቅሩብ ክንጸግብ ምስ ጀመርና፡ ጨው ክንውሰኽ ንጅምር። ቅሩብ ጸኒሕና፡ ኣብ ጨረምረምን ቈየቋን ምትህርራምን ንበጽሕ። ሽዑ ኢዩ እቲ መኣዲ ካብ መንጎና ተመንጢሉ ዚለዓል፤ “ሓቝኹም፡ ጸጊብኩም እንዲኹም፡ ያላ ውጹ” ንብሃል።
ገለ እንስሳታትውን ጽጋብ ኣይክእሉን። ብዛዕባ እተን ጽጋብ ዝሰናጠቐን ኣዕዋፍ ሰሚዕኩም ትኾኑ ኢኹም። ንሳተን ኣብ ሓንቲ ዝፈረየት ሳግላ ኣጽሊለን ክሳብ ዝስርነቓ በልዓሞ፡ ምስ ጸገባ፡ ኣቲ ደፊእክኒ፡ ኣቲ ኖኺስክኒ፡ ጕኒጽክኒ፡ ረሓቕለይ ኪበሃሃላ፡ ሊሎ ደሃየን ሰሚዑ በብሓደ ኰስተረን ይብሃል።
ፈውሲ ጥሜት፡ ለሚንካ ኾነ ማእሪርካ ምብላዕ ኪኸውን ከሎ፡ ፈውሲ ጽጋብ ግን ክሳዕ ለይተሎሚ ኣዕጋብቢ ፈውሲ ኣይተረኽበሉን።
ሓደ ሰብ ኢዩ ካብ ወጻኢ መጺኡ። ገንዘብ ሒዙ።
“እንታይ ደኣ ክሳዕ ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ ዚሸረፍ ናይ ሰብ ገንዘብ ሒዝካ መጺእካ፡ ከይጠፍኣካባ?” በልኩዎ።
“እንድዒ፡ እቲ ብጻየይ ንመርዓ ሓውቱ ኢሉ ኢዩ ኣሰኪሙኒ” ኪብል መለሸ።
ኣብ ወጻኢ ዚቕመጡ ኣሕዋትና ከም ኣድጊ ለፊየም ዝኣከቡወን ገንዘብ፡ ሓውትኻባ ከም ሰባ ብባንድን ኣብ ሆቴልን ክትምርዓወልካ ገንዘብ ሰደድ፡ ስለ ዚብሃሉ፡ ኻሽንቱ ኻኪጠፍኣ ኣብ ኢድ ቤተሰብ የረክቡወን ኣለዉ።
እዘን ገንዘብ እዚኣተን፡ ወፊረን ካልእ ገንዘብ ኪወልዳ ይኽእላ ኸለዋ፡ ኣብ ዳንኬራን ፈንጠዝያን ኪጠፍኣ ኢየን።
ሃገር ጀርመን ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ዓዘቕቲ ኢያ ወዲቓ ነይራ። ህዝባ ግን ብፈንጠዝያን ዳንኬራን ኣይኮነን ካብቲ ዓዘቕቲ ኣውጺኡዋ። ብምስራሕን ብምውላልን ብምውፍርን እንተ ዘይኮይኑ።
ብዛዕባ ጽጋብን ፈንጠዝያን ምስ ሓደ ብጻየይ ከነዕልል ከሎና፤
“ኣነ ካብ ኩሉ ዚገርመኒ፡ ህዝብና ነቲ ደቂ ርሂጾም ዚሰዱሉ ገንዘብ ብሽንቱ ምጥፋኡ ኢዩ” ኢሉኒ።
ሓደ ሰብ ገንዘቡ ከም ድላዩ ገይሩ ከጥፍኦ ናጻ ኢዩ። ኣብ ሰማይ ብጋንጽላ እናወረዱ፡ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ እናሓንበሱ፡ ብካሮሳ እናጋለቡ ወዘተ ቃል ኪዳን ዚኣስሩ ሰባት ርኢናን ኣንቢብናን ኢና። ኣብ ጉድጓድ ኣናብስ ኣትዮም ቃል ኪዳን እንተ ዚኣስሩውን ኣይምገርመናን። ብገንዘብካ ዚኸሰካ የልቦን።
ይኹንምበር፡ እቲ መድረኽቲ ኣይበጻሕናዮን። ኣብ መገዲ ምዕባሌ ስለ ዘሎና፡ ገንዘብና ኣብቲ ተወሳኺ ገንዘብን ጥበብን ኪወልድ ዚኽእል ነገራት እንተ ኣውፈርና ዝበለጸ ምኾነ።
ሽሕኳ ሓዳር፡ ንባዕሉ ባህላውን ማሕበራውን ወፍሪ እንተ ኾነ፡ ተመርዒኻ ደቂ ንምውላድ ግን ክንድዚ ገንዘብ ዘድልዮ ፕሮጀክት ወይ መደብ ኣይኮነን። ውሑድ ኣጥፊኦም እተመርዓውን፡ ብዙሕ ኣጥፊኦም እተመርዓዉን፡ ኣብቲ ዚገብርዎ ሓዳርን፡ ኣብቶም ዚወልዱዎም ቈልዑን ፍልልይ ኣይረአን። መሰረት ሓዳር ፍቕርን ምክብባርን ደኣምበር፡ ገንዘብን ፈንጠዝያን ኣይኮነን።

ገንዘብን ሃብትን ምሳኻ ስለ ዘይነብር ግን፣ ሎሚ ዘይኣርንብካዮ ገንዘብ፣ መጥፍኢኻ ኪኸውን ይኽእል ኢዩ።

ጻጸ ሓኾትኰት እናበለ ቀሪም ኪኣሪ ዝረኣየት ዕንጭራር፣ ሓጋይ ኮይኑ ዚቕጽል ግዲ መሲሉዋ፣ ኣብ ደርፋን ሙዚቃኣን ደኣ ኣድሃበት።

ኣስሓይታ ዝዓብለሎ ክረምቲ ምስ መጸ (ኣብ ሃገር ኤውሮጳ ኢዩ)፣ ወዮ እንትርፎ ደርፍን ዳንኬራን፣ ብዛዕባ ምእካብን ምውህላልን ግዲ ዘይነበራ ዕንጭራር፣ ናብ እንዳ ጻጸ ኸይዳ ክትልምን ኣይሓፈረትን።

“እንታይ ትገብሪ ነበርኪ ኣብ እዋን ቀውዕን ሓጋይን?” ኪብል ሓተተ ጻጸ፣ ኣብታ ምውቕቲ ጉድጓዱ ኾይኑ እኽሉ እናቈርጠመ።

“እደርፍ ነይረ” ምስ በለቶ፣ እሞ ሕጂ ድማ ሳዕስዒ፣ በላ ይብሃል።

ገለ ናይ ቊጠባ ሰባት ኪዛረቡ ኸለዉ፣ ገንዘብ ምውህላል ናይ ኣፍሪቃዊ ባህርይ ኣይኮነን ይብሉ። ሎሚ ትበልዕ ትሰቲ፣ ብዛዕባ ጽባሕ ግን፣ እቲ ኽፍኣታ ይኣኽላ ኢዩ። ንብላዕ ንስተ፣ ጽባሕ ከም እንነብር እንታይ ዋሕስ ኣሎና? እሞ ኣምሳኽ ደልዩዎ ነዊሕ እንተ ጸናሕካኸ? እቲ ናይ እርጋን ግዜኻ ብሓዘን ከተሕልፎ ዲኻ ደሊኻ?

ኣፍሪቃውያን ዕድለኛታት ኢና። ካብ ብጾትና ንልቃሕ፣ ምስ ዚጽግመና ድማ ይምሕሩና። ብጾትና ይወሓሱና፣ ምስ እንሓምም ድማ፣ ዚረድኣና ዘመድ ኣይንስእንን። ከይተመርዓና ምስ ስድራና ክንነብርውን ንኽእል ኢና። ካብ ገዛይ ውጻለይ ዚብሃል ነገር የልቦን። ኣብ ምዕራባውያን ከምዚ ምግባር ሕልሚ ኢዩ።

እዚ ማሕበራዊ ጸጋታት ግን፣ መዓልቱ ኣሕሊፉ ኪተርፍ ኢዩ። ቍጠባ እናዓበየ ምስ ከደ፣ ሰብ ድማ ንዕርክነት ብገንዘብ ምስ ተክኦ፣ ግዜ ከም ወርቂ ኪኸብር ምስ ጀመረ፣ ንማሕበራዊ ናብራ ድማ ውልቃውነት ምስ ዓብለሎ፣ ሽዑ ኣለቃሓኒ ኢልካ ዚሰምዓካ የልቦ፣ ተዋሓሰኒ ኢልካ ዚኀየየልካ የልቦ፣ ሓሚመ እየሞ ርድኣኒ ኢልካ ድማ ዚቕበለካ የልቦ።

እቲ ዚልመን ዘሎ ሰብ፣ ብልቡ፣ ከምቲ ናይቲ ጻጸ ኢዩ መልሱ፤

“ኣበይ ነበርካ ብግዜ ቍጠባዊ ቀውዒ?”

እሞኸ ዘይተኣደነ ገንዝበ ኣጥፊእካ፣ መርዓ ደቕኻ ዲኻ ተካዒድ ኔርካ? ገንዘብካ ክንዲ እተውፍሮ፣ ትሰትዮን ትበልዖን ትረኣየሉን ዲኻ ኔርካ? ደቂ ኣንጽዋስ ኪረኣያ ኪብላ ይእረያ።

ህዝብና ጥሜት ይኽእል ኢዩ ይብሃል። ንዘመን ኣካሒዳ ቈጽልን ፍረታት መሮርን እናተመገበ ሓሊፉዎ ኢዩ። ብግዜ ደርጊውን፣ ኣብ ኣስመራ ጥሜት ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ፉል እናተመገበ ወጺኡዎ ኢዩ። ኣብቲ እዋንቲ፣ ወትሃደራት ጸላኢ ስጋ ከቢሩ ምስ ሰምዑ ልቦም መሊቖም። ጥሜት ኣይክእሉን ኢዮም።

ጥሜት ምኽኣል ብመሰረቱ ጽቡቕ እኳ እንተ ኾነ፣ ጽጋብ ምኽኣል ግን ዝበለጸ ኢዩ። ከመይሲ እቲ ጽጋብ ዘይምኽኣል ኢዩ ኩሉ ግዜ ተመሊሱ ናብ ናይ ድኽነት ዓዘቕቲ ዚድርብየካ።

ዘይተኣደነ ገንዘብ ዝነበሮ ሕድሩ እተባህለ ሓደ ሰብኣይ ነበረ። ፈጣሪ ዓሚኹ ሃብቲ ዝደርበየሉ ኢዩ ዚመስል። ግን ፈጣሪ ገንዘብ ኪህበካ ኸሎ ከም ሕድሪ ኢዩ ዘረክበካ ዘሎ። ንዓኻን ንስድራኻን ንህዝብኻን ንሃገርካን ተጠቐመሉ ኢዩ ዚብለካ ዘሎ።

ሕድሩ ግን ክምቲ ኣዒንቲ ነብሪ ናብ ጤል ዚቋመታ፣ ኣዒንቱ ናብ ሓንቲ ባሪስታ ኣቕነዐ።

ኪሰትን ኪዓብድን ከሎ፣ እቲ ርሂጹ ዝኣከቦ ገንዘብ ከም ትኪ ይበንን ከም ዝነበረ ንግዜኡ ኣይተገንዘቦን።

ገዛውቱ ሸጠ። ኣቕሑቱ ናብ ሓራጅ ኣውረደ። ንሱ እናደኸየ ኪኸይድ ከሎ፣ ብኣንጻሩ፣ እታ ፈታዊቱ እናሃብተመት ከደት።

ስድራቤት ሕድሩ ክትፈርስ ግዜ ኣይወሰደላን። በዓልቲ ቤቱ ገዲፋቶ ንወጻኢ ኸደት። ደቁ ብስርዓት ሰለ ዘይተማህሩ ዘርም-ዘርሞ ኾይኖም ተረፉ።

ሕድሩ ክደኪ ዝረኣየት ፈታዊት ገንዘባ ሒዛ ጠንጢናቶ ኸደት።

ሕድሩ ነቲ ብሕድሪ እተረከቦ ናይ ሃብቲ ጸጋ፣ ኣብ ጽቡቕ መዓላ ሰለ ዘየውዓሎ ተቐጺዑሉ። ንኻልኣይ ግዜ ዕድል ይወሃቦ ደኾን ይኸውን?